TIG

# AMU

## ንሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ክንክን ጥዕና ናይ ምርካብ መሰል

### AMU / DMH እንታይ እዩ?

ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ (AMU ብፈረንሳይኛን DMH ብነዘርላንድስ) ብመንግስቲ በልጅዩም ነቶም ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ዚወሃብ ረድኤት እዩ። ዕላማኡ ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሎም ሰባት ሕክምናዊ ረድኤት ንምሃብ እዩ።

### ነዚ ሓገዝ እዚ ኽትረክብ መሰል ኣሎካዶ?

መሰል ኣለካ, እንተ ደኣ:

- ሃብቲ ዘይብልካ = ናይ ሕክምና ረድኤት ንምኽፋል ዓቕሚ የብልካን ወይ እቲ እትኽፍሎ ገንዘብ ኣዝዩ ኽቡር ስለ ዝኾነ፣ ብኽብሪ ኽትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ ።
- ብዘይሕጋዊ መገዲ ትጸንሕ ኣለኻ: ብዛዕባ ዅነታትካ ኽትገልጽን ኵነታትካ ንኽትርድኦ ኺሕግዘካ ዚኽእል ሰነዳት ከተርእዮን ኣሎካ (ንኣብነት ግዜ ዝሓለፎ ቪዛ፣ ግቡእ ፍቓድ መዕረፊ ዘይምርካብ፣ ካብቲ ኽሊ ንኽትወጽእ እተዋህበ ትእዛዝ…)።

### እዚ ዓይነት ሓገዝ ኣበይ ኽትሓትት ትኽእል?

ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ኪወሃበካ ኣብቲ ብስሩዕ እትነብረሉ ከባቢ(ማለት እትነብረሉ ቦታ) ዝርከብ CPAS (OCMW ብነዘርላንድስ) ክትሓትት ኣሎካ።

► ንተወሳኺ ሓበሬታ, ናይ ሓበሬታ ሰነድና ክትውከስ ትኽእል : 'CPAS / OCMW. Comment faire une demande d'Aide Médicale Urgente ?'

### እቶም AMU ናይ ህጹጽ ክንክን ጥራይ ድዮም?

ኣይፋሉን፣ እዚ ረድኤት እዚ ህጹጽ ከም ዝኾነ ኢዩ ዝንገረሉ እንተኾነ ግን፣ እዚ ሕክምናዊ ረድኤት እዚ ካብቲ ናይ ህጹጽ ረድኤት ኣገልግሎት "112" ወይ ካብ ህጹጽ ኣገልግሎት ሆስፒታላት ዝሰፍሐ ኢዩ።

ኵሉ ዓይነት ሕክምናዊ ክንክን ኪግበር ይከኣል እዩ፣ ንኣብነት ሓኪም ወይ ሓኪም ስኒ፣ መድሃኒት፣ መርመራ ደም፣ መጥባሕቲ ኺገብር ይኽእል እዩ ። እዚ ረድኤት እዚ ኣብ ሆስፒታላት ወይ ኣብ ካልኦት ሆስፒታላት ክወሃብ ይከኣል ኢዩ ።

- መከላከሊ ሕክምናዊ ረድኤት እውን ክውሃብ ይክኣል እዩ (ንኣብነት ናይ ጥዕና ጸገማት ንምክልኻል) ። ገለ ኣብነታት – ክታበት፣ ምቍጽጻር ጥንሲ...

## መን እዩ ነቱ ሕክምናዊ ክንክን AMU ከምዝኮነ ዚውስን?

እቲ ሓኪም ነቲ ክንክን ህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ ዚግበረሉ እንተ ኹይኑ ይውስን።

ከምኡ እንተ ኹይኑ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዚብል ወረቐት ምስክር ይመልእ። እዚ ወረቐት ምስክር እዚ ሕክምናዊ ክንክን ምእንቲ ኺኽፈል ኣድላዪ እዩ። መንግስቲ እንተ ተቈጻጺርዎ እውን መረጋገጺ ይኸውን እዩ ። እቲ ሓኪም ወይ CPAS ነዚ ወረቐት ምስክር እዚ ኺሕዝ እዩ።

## ነዚ ሕክምና እዚ ዚኸፍሎ መን እዩ?

CPAS ይኽፍሎ, ወይ ከኣ CAAMI (ብፈረንሳይኛን) ወይ HZIV (ብነዘርላንድስ) ዝበሃል ትካል።

መንግስቲ በልጅዩም ንኩሉ ሕክምናዊ ክንክን ኣብ INAMI nomenclature ብፈረንሳ (RIZIV ብነዘርላንድስ) ዝተዘርዘረ ዝወጸ ገንዘብ ይከፍል። ገለ ግዜ, ሕክምናዊ ክንክን ወይ መድሃኒታት ኣብ ዝርዝር INAMI nomenclature ኣይርከብን (ንኣብነት፣ ገለ ፈውሲ ቃንዛ፣ ኣርቴፍሻል ስኒ፣ ኦርቶፖዲክ ጫማ፣ መነጽር ...)።

- ሓድሓደ ግዜ እቲ ክንክን ኣብቲ INAMI's nomenclature ዝርዝር ኪርከብ ዚከኣል እንተ ኹይኑ ምውሳን ኪተሓላለኽ ይኽእል እዩ ፣ ምኽንያቱ እዚ ኣብ ርዝነት እቲ ናይ ሕክምና ጸገም ወይ ኣብ ዕድመ እቲ ሕሙም እዩ ዚምርኮስ ። እንተ ዘይበሪህልካ ንሓኪምካ ወይ ንፋርማሲስትኻ ክትሓቶ ይግባእ!

እቶም ሕክምናዊ ክንክናት ኣብቲ ዝርዝር እንተ ዘይሃልዮም፣ እቲ CPAS ኪኸፍሎ ዚኽእል እኳ እንተ ኾነ መንግስቲ በልጅዩም ግና ኣይኽሕሰንዩ እዩ።

## AMU ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል'ዶ?

ኣይፋሉን፣ ናይ CPAS ማሕበራዊ ጒዳያት ዚሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ምስጢር ምዕቃብ ክኢላታት ኢዮም እቲ ኣብ ናይ ሕክምና ወረቐት ምስክር እተገልጸ ሓበሬታ ከኣ ምስጢራዊ ኢዩ። ፖሊስ ኰነ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ብዛዕባ እዚ ማእከላይ ረድኤት እዚ ኺንገሮም ኣይክእልን እዩ። Medimmigrant ን25 ዓመት ካብ ዝምስረት ብዛዕባ እዚ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት እዚ ዋላ ሓንቲ ጥርዓን ኣይቐረበን ።


እዚ ፎርም እዚ ብMedimmigrant ASBL ተዳልዩ. ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ : ነዚ ዝስዕብ ተኸተል

ኣብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻና ተወከስ : *www.medimmigrant.be*

ሕቶታትካ ብኢ-መይል ሕተት : *info@medimmigrant.be*

ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታትና ናብ ቤት ጽሕፈትና ተሌፎን ደውለልና:

**02/274 14 33** ወይ **0800/14.960** (ትሑት ኣታዊ ንዘለዎም ወይ ንዘይብሎም ሰባት ብናጻ)

> ሶኒ, **10 AM – 13 PM** | ሰሉስ, **14 PM – 18 PM** | ሓሙስ, **10 AM – 13 PM** | ዓርቢ, **10 AM - 13 PM**